Tigrinya

# መጠንቐቕታ: ብዛዕባ ምኽልካል ኣካላዊ ምቅርራብ

ኣብ ጀርመን ካብ ሕጂ ጀሚሩ ምስ ሰብ ኣካላዊ ምቅርራብ ምግባር ተኸልኪሉ ኢዩ:

- ዝኾነ ውልቀ ሰብ ብዝተኻእለ መጠን ዝገብሮ ማሕበራዊ ርክባት ክቐንስ ይግደድ።
- ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ ቦታታት ምስ ካልእ ሰብ ኣብ እትራኸበሉ እንተዋሓደ ናይ 1,50 ሜትሮ ርሕቐት ክትሕሉ ኣሎካ።
- ኣብ ዝኾነ ህዝባውያን ክፍልታት ምጽናሕ ዝከኣል በይንኻ ኮይንካ ወይ ምስ ሓደ ካልኣይካ ወይ ድማ ምስ ስድራ ቤትካ ጥራሕ ኢዩ ዝፍቀድ (እዚ ትእዛዝ እዚ ኣብቲ ናይ ስደተኛታት ፈለማ መቐበሊ ቦታ እውን እንተኾነ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ግዴታ ኢዩ)።
- ንኸተማ ንኽትዛወር ኢልካ ምኻድ እንተተረፈ ይሓይሽ። ኣገዳሲ ቖጸራ ሃሊካ ናብ ቖጸራኻ ምኻድ፣ ወይ ብውልቅኻ ስፖርት ምግባርን ከምኡ’ውን ኣብ ደገ ወጺእኻ ንፋስ ምውሳድ ይፍቀድ ኢዩ።
- ምስ ሰባት ኮይንካ በዓላት ምብዓል (ዋላ ናይ ግሊ ይኹን) ቅቡል ኣይኮነን።
- ነዚ ትእዛዝ እዚ ዘየኽበረ ብፖሊስ ቑጽጽር ተገይሩ መቕጻዕቱ ክቕበል ኢዩ።
- ኩሉ ቤት መግቢ ዕጹው ኢዩ እንተኾነ ግን መግቢ ይኹን መስተ ገዚእኻ ምሳኻ ሒዝካዮ ንኽትከይድ ጥራሕ እንተኾይኑ ይፍቀድ ኢዩ።
- ዝኾኑ ናይ ኣካላት ክንክን ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ንኽዕጸዉ ተገይሩ ኣሎ። እንተኾነ ግን ብናይ ሕክምና ኣድላይነት ሃሊዎ ፍሉይ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት እንተኾይኖም ንኽኸፍቱ ፍሉይ ፍቓድ ይወሃቦም።
- እቲ ናይ ጽርየት ሓለዋ ኣገባብ ንኽኽብር ግዴታ ኢዩ።